ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ንኣብያተ ፅሕፈት ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ናይ ፅሬት አቁሑት ናይ ኤለክትሮኒክስ አቁሑት አብ ክልተ ብምክፋል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ግዝኢት ክፍፅም ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጳጉሜን 2, 2008 (ልዕሊ 10 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 9, 2009 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 9, 2009 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትሳተፉ እትደልዩ ተወዳደርቲ እዞም ዝስዕቡ ረቀሕታት እተማልኡ እዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ካብቲ ቤት ፅሕፈት ብምዉሳድ ንክትወዳደሩ ይዕድም

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቀሕታት

- ንዝዋዳደርሉ ሎት ናይዚ ዘበን ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዋና ምስዘይምለስ ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል
- ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለዩ ቁፅሪ ዘለዎን መረዳእታ ዘቅርብን
- ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይድማ ቫት ተመዝጋቢ ዝኮነን መረዳእታ ዘቅርብን
- በቲ ዘፈር ሕጋዊ መቅረባይነት ካርድ ከቅርብ ዝክእል
- ናይ ወርሒ ሓምለ 2008 ዓም ሒሳብ ዘፍለጠሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል
- ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መክበሪ ጨረታ ንመሳርሒ ፅሕፈትንÂ 5,000 ቅርሺ ንአቁሑት ፅሬት 2000 ቅርሺ ንኤለክትሮኒክስ 3000 ቅርሺ ብጥረገንዘብ ወይድማ ብሲፒኦ ናይ ሕድሕድ ሎት ከትሕዝ ዝክእል
- ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈትና ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ክፍሊ ቁፅሪ 01 ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ይከኣል
- ጨረታ ካብ 27 ነሓሰ 2008 ዓም ክሳብ 8 መስከረም 2009 ዓም ይፀንሕን ይከዉን ጨረታ 9 መስከረም 2009 ዓም ሰዓት 3:00 ተዓሺጉ ሰዓት 3:30 ይክፈት
- ተወዳደርቲ ኣብ ሕድሕድ ገፅ ናይ ጨረታ ሰነድ ናይ ትካሎም ማህተም ናይ ዝምልከቶ አካል ፊርማ ክዓርፈሉ አለዎ
- ኣብ ዝተፈላለዩ ሎታት እንትወዳደሩ ንሕድሕድ ሎት ናይ ባዕሉ መክበሪ ጨረታ ከትሕዝሉ ይግባእ
- ተጫረቲ ንዝዋዳደርሉ ዓይነት ንብረት ሸም መፍራይ ወይ ብራንድ ኔም ሞዴል ቁፅሪ ክገልፁ ይክአሉ እዮም
- ናይ ዝግዛእ አቅሓ ከምአድላይነቱ ክሳብ 20% ናይ ምዉሳክ ወይ ምቅናስ መሰል አለና
- እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0344480183 ብምድዋል ወይድማ ብኣካል ብምቅራብ ምሕታት ይከኣል

Â

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle